UNIVERSITÄTS-
**KINDERSPITAL ZÜRICH**

ሓበሬታ ንወለዲ

# ረስኒ



*Das Spital der Eleonorenstiftung*

# ረስኒ

ማእከላይ ሙቀት ሰብነት ቖልዓ ከባቢ 37 ዲግሪ ሰልሲዮስ እዩ። ሙቀት ሰብነት ኩሉ ግዜ ሃደ ዓይነት ኣይኮነን። ሙቀት ሰበት ኣብ ሰዓታት ናይ መዓልቲ ዝምርኮስ ኮይኑ፡ ናይ 2 ዲግሪ ሰልሲዮስ ፍልልይ ክረኤ ይኺእል እዩ (ካብ 36 – 38 ዲግሪ ሰልሲዩስ)። ዝተሓተ ሙቀት ሰብነት ኣብ ወጋሕታ ኸኸውን ከሎ እቲ ዝለዓለ ዲማ ኣብ ናይ ምሸት ዘሎ ግዜ ክኸውን ይኽእል።

ረስኒ ኢልና ንዛረበሉ ዓቀን ሙቀት ሰብነት ንቲሕቲ 3 ወርሒ ስኾኑ ቖልዑ ሊዕሊ 38 ዲግሪ ሰልሲዮስ ክኸውን ከሎ፡ ንዓበይቲ ቖልዑ ድማ ሊዕሊ 38.5 ዲግሪ ሰልሲዮስ ምስዝኸውን እዩ።

ረስኒ ብዝተፈላለዩ ሳዕበናት ክመጽእ ይኽእል። ብቫይረስ ዝመጽእ ረኽሲ ቀንዲ ጠንቂ ረስኒ ኣብ ቖልዑ እዩ። ብቫይረስ ዝስዕብ ረኽሲ ብጸረ ረኽሲ መድሓኒት (ኣንቲባዮቲክ) ክፍወስ ኣይከእልን እዩ፡ ምኽንያቱ እዞም መድሃኒታት እዚኦም (ኣንቲባዮቲክ) ኣብ ቫይረስ ኣይስርሑን እዮም። ሓዳ ሓደ ግዜ ረስኒ ብቫክተሪያ ብዘስዓቦ ረኽሲ ክመጽእ ይኽእል ኣዩ። ብቫክተሪይ ዝስዕብ ረኽሲ ብጸረ ረኽሲ መድሃኒታት (ኣንቲባዮቲክ) ክሓዊ ይኽእል እዩ። ሓሳስያ (ኣለርጂ)፡ ኪታበት፡ ሕዱር ሕማምን ካልኦትን ሳዕበን ረስኒ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ብቀንዱ ረስኒ ሕማም ኣይኮነን፡ ኮይኑ ግን ምልክት ወይ ግብረ መልሲ ንጥፈታት ናይ ምክልኻል ዋህዮታት እዩ። ምህላው ረስኒ ሓደገኛ ኣይኮነን፡ ከሙኡ'ውን ምውሳኽ ዓቀን ረስኒ ምስ ምግዳድ ዝጸንሐ ሕማም ዋላ ሓደ ምትእስሳር የብሉን። ዝተፈጥረ ረኽሲ ኣብ ቲሕቲ ቁጽጽር ምስዝውዕል፡ ሙቀት ሰብነት ባዕሉ ናብ ንቡር ይምለስ ።

## ከመይ ጌርና ሙቀት ሰብነት ደቅና ንዕቅን?

- ንትሕቲ 12 ወርሒ ዝኾኑ ቖልዑ፡ ብሪኢቶና ሙቀት ሰብነቶም ብመቀመጮኦም ምስዝዕቀኑ ተመራጺ እዩ።
- ንሊዕሊ 1 ዓመት ዝኾኑ ህጻናት ሙቀት ሰብነቶም ኣብ ትሽትሾም፡ ኣብ ኣፎም (ኣብ ትሕቲ መልሃሶም) ወይ'ከኣ ኣብ እዝኖም (ብናይ እዝኒ መዐቀኒ ሙቀት) ክንዕቅኖም ንኽእል። ሙቀት ሰብነት ዓቂንካ ዘይትፈልጥ እንተኳንካ ግን ኣብ ኣማኻሪ ወለዲ (Mütterberatung) ወይ ኣብ ዶክተር ወይ'ከኣ ኣብ ፋርማሲ ብምኻድ ሓበረታ ክንሓትት ንኽእል።

**ትሕቲ 3 ወርሒ ዝኾኑ ህጻናት ዓቀን ሙቀት ሰብነቶም ሊዕሊ 38 ዲግሪ ሰልሲዮስ ምስዝኸውን ብህጹጽ ናብ ዶኮተር ክንወስዶም ይግባእ።**

ረስኒ ቀጻልን ቀስ ብቀስን ክሊዕል ይኽእል እዩ። ረስኒ ዘስዓቦም ረኽስታት መብዛሕትኡ ግዜ ውጥረት ጭዋዳታት የስዕቡ። እዚ ግን ኣብ ኪሊ ዕድመ 6 ወርሒን 5 ዓመትን ንዘለዉ ህጻናት ሳሕቲ እዩ ዝረኤ፡ ከሙኡ'ውን ዝተናወሔ ሳዕበን የብሎምን (ንምርግጋጽ ኣብ ብረስኒ ዝስዕብ ውጥረት ጭዋዳታት እትብል ጽሑፍቲ ረኤ)

# መኣስ ዶክተር ምውካስ የድሊ?

ልዑል ዓቀን ረስኒ ሃፈሻዊ ኩነታት ጥዕና ውላድካ ክሃሲ ይኽእል እዩ። ብልዑል ዓቀን ረስኒ ኩነታት ጥዕና ውላድካ እንተ ተሃሲዩ (ማለት ድኹም፡ ተጻዋርነት ዘይብሉ፡ ንክሰቲ ዝጽገም) ...

- ...ኪዳውንቱ ኣውጺኢካ ፍኹስ ዝበለ ክዳውንቲ ክደኖ ወይ ረቂቕ ነጻላ ጌርካ ሸፍኖ።
- ከቢድ ረስኒ ፈሳሲ ሰውነት ክጎድል ይገብር። ስለዚ ብቀጻሊ በብቑሩብ ፈሳሲ ኪንህቦ ይግብእ።
- ፓራስታሞል (paracetamol) ብመቀመጫ ዝኣቱ ወይ ብመልኪዕ ሽሮባ እንተ በዝሒ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 6 ሰዓት ንመዓልቲ ብመሰረት ዕድሚኡ ኪወስድዎ ዘለዎ ዓቀን ኪንህቦ ይግባእ። እዚ ዓቀን እዚ ብመሰረት እቲ ምስ መድሃኒት ዝመጽእ ጽሑፍ ኪኸውን ይግባእ።
- መድሓኒት ክወስድ ምስ ጀመረ ብጥብቂ ምክትታል ይግባእ፡ እቲ ረስኒ ክጎድልን ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ ኩነታት ጥዕናኡ ክመሓየሽን ይግባእ፡ እዚ እንተዘይ ኮይኑ ግን ዶኮተር ተወከስ።
- ፓራስታሞል (paracetamol) ብዘይ ኣፍልጦ ዶክተር ካብ ነስፍሲ ወከፍ ልዕሊ 6 ሰዓትን፡ ካብ 2 መዓልቲ ንላዕልን ክንህብ የብልናን።

እንተደኣ ውላድካ ረስኒ ምስ እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ምስዝህልዎ፡ ዶክተርካ ክትውከስ ኣለካ

- ውላድካ ትሕቲ 3 ወርሒ ምስዝኸውንን ረስኒ ሊዕ
  38 ዲግሪ ሰልሲዮስ ምስህልዎን።
- ውላድካ ሕማም ርእሲ ዝመላለሶ ምስዝኸው
  ክሳዱ ናብ ዝደለዮ ከንቀሳቅሶ ምስዘይክእ
  ከሙኡ'ውን ብርሃን ምስዝጸልእን።
- ውላድካ ቀጻሊ ዘምልስ እንተኾይኑን ፈሳሲ ምውሳ
  ምስዝኣብን።
- ውላድካ ናይ ምስትንፋስ ጸገም ምስዝህልዎ።
- ውላድካ ቀጻሊ ምስዝስልችዎ ።
- ውላድካ ፓራስታሞል ሂብካዮ ምምሕ
  ምስዘየርኢ።
- ውላድካ ንልዕሊ ክልተ መዓልቲ ረስኒ ምስዝህልዎ
  ኣብ ነፍሲ ወከፍ 6 ሰዓት ፓራስታሞል ሂብካ
  ክመሓየሽ ምዘይክእል።
- ውላድካ ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታ
  ምስዝህልዎ።
- ውላድካ ኣብ ቆርበቱ ንኣሽቱን ቀያሕቲ ነገራ
  ዝተነኽሰ ዝመስልን ምስዝህልዎ


ቀያሕቲ ምልክታት ኣብ ቆርበት

**ጽማቕ ትሕዝቶ፡**

- መብዛሕቱኡ ግዜ ቐልዑ ረስኒ ኣለዎም። ጠንቂ ድማ መብዛሕትኡ ብቫይረስ ዝስዕብ ረኽሲ እዩ።

- ሕጻናት ትሕቲ 3 ወርሒ ዝዕድሚኦም ሊዕሊ 38 ዲግሪ ሰልሲዮስ ሙቀት ሰብነት ምስዝህልዎም ብቀጥታ ናብ ዶክተር ክንወስዶም ይግባእ።

- ረስኒ ጎዳኢን ሓደገኛን ኣይኮነን፡ ኮይኑ ግን ምልክት ነብሰ ምክልኻል ሰውነትና ካብ ረኽሲ እዩ። ኩነታት ጥዕና ውላድና ንምፍላጥ ዓቀን ረስኒ ክሳብ ክንዲ'ቲ ኣገዳሲ ኣይኮነን።

- ውላድካ ኣብ ጽቡቅ ኩነታት ጥዕና ምስዝህሉ (ኪጻወት ዝደሊን፡ ዕጉብ ዝመስልን እንተኾይኑ) ዘለዎ ረስኒ ክተጉድል ምድላይ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ኣብ ግዜ ምጉዳል ሓፈሻዊ ጥዕና ብሰንኪ ረስኒ፡ ፓራስታሞል (paracetamol) ዝበሃል መድሃኒት፡ ብመልኪዕ ብመቀመጫ ዝኣቱ ወይ'ውን ብመልክዕ ሽሮቦ እንተበዝሔ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 6 ሰዓት ብምውሳድ፡ ቀጻሊ ፈሳሲ ብምሃብ ጥቡቅ ምክትታል ምግባር የድሊ።

- ኣብ ግዜ ረስኒ፡ ብዘየገድስ እቲ ዓቀን፡ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ምልክታትን፡ ዘይውሑስ ኩነታት ውላድና ምስንዕዘብን ብቀጥታ ዶክተርካ ክትውከስ ኣለካ።

---

UNIVERSITÄTS-
KINDERSPITAL
ZÜRICH

Das Spital der
Eleonorenstiftung

Universitäts-Kinderspital Zürich
Lenggstrasse 30
CH-8008 Zürich

www.kispi.uzh.ch
Telefon +41 44 249 49 49